**ዜና 20 ነሓሰ፡ 2007**

## ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንኤርትራ ሓንቲ ካብተን "ንግብረ ሽበራ ብዕሊ ዝሕግዛ ሃገራት" ተባሂላ ኣብ ጸሊም መዝገብ ምምሕዳር ዋሽንግተን ክትጽንብራ ትሽባሸብ ኣላ

ምምሕዳር ዋሽንግተን ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ኣስመራ ናብታ ብውግእ ትሕመስ ዘላ ሶማልያ፡ ንኣሸበርቲ እስላማዊ ሓይልታት ዝተፈላለዩ ዘመናውን ንኣሸቱን ኣጽዋር ብምልኣኽ ተዐጥቕ ኣላ ብዝብል ምኽንያት ነታ ካብተን ኣብ ዝተሓታ ናይ ድኽነት ዓንኬል ዝርከባ ሃገራት ኤርትራ ብማሕንቖ እገዳ ክትሕዛ ትኳየ ኣላ ክብል ሮይተርስ ይሕብር።

ኣብቲ ዜና፡ኣስመራ እዚ ተርእዮ ዘላ ጠባይ ኣብ ሓጺር እዋን እንተዘይቀይራቶ፡ ምምሕዳር ቡሽ ንኤርትራ ምስተን "ንግብረሽበራውያን ዘዕጥቓን ቀንዲ ምንጪ ግብረ ሽበራን ሃገራት" ተባሂለን ኣብ ቀንዲ ኣጀንዳ ሃገራዊ ድሕነት ኣሜሪካ ተሰሚረን ዘለዋ ሃገራት፡ኩባ ኢራን ሰሜን ኮርያ ሱዳንን ሶርያን" ከምዝሕውሳ ጀንዳይ ፍሬዘር፡ ተሓጋጋዚት ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ኣፍሪቃ ትሕብር ።

እታ በዓልቲ ስልጣን ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ነዚ ስጉምቲዉዚ ሕጋዊ መልክዑ ንምትሓዝ ብምምሕዳር ኣሜሪካ ዝተፈላለዩ መርትዖታትን መዛግብትን ይእከቡ ኸምዘለዉን ጽጹይ መጽናዕቲ ምስተገብረሉ ድማ ግቡእ ስጉምቲ ከምዝውሰድ ሓቢራዉላ ይብል እቲ መርበብ።

ምምሕዳር ዋሺንግተን ነቲ ኣብዚ ቐረባ እዋን ብኽኢላታት ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መጽናዕቲ ተገይርሉ ዝተፈነወ ጸብጻብ ምርኩስ ብምግባርዉዩ ነዚ መርገጺ እዚ ዝወስድ ዘሎ።እቲ ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣዝዮም ብዙሓት ዝተፈላለዩ ኣጽዋራትን ጥረ-ገንዘብን ናብ ምድሪ ሶማልያ ናብቶም ብ "ሻባብ"ተባሂሎም ዝፍለጡ ምስ ኣሸባሪ ውድብ ኣል-ቃይዳ ምትእስሳር ኣለዎም ተባሂሎም ዝጥርጠሩ ሓይልታት እስላማዊ ምንቅስቓስ ከምዝለኣኸት ይሕብሩ።

ፍሬዘር፡ ነዚ ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘረጋግጹ ዝተፈላለዩ ናይ ስለላ መርበባት ከምዘለዉ፡ኣስመራ ካብዚ ተግባር እዚ ኢዳ እንተዘይስሒባ እቲ ዝመጽእ ውሳኔ ሓደገኛ ኽምዝኸውን ተጠንቅቕ።

ቀጺሉ እቲ ዜና ፡እቲ ናይ እገዳ ውሳኔ እንተተወሲኑ ኤርትራ ካብ ዝኾነ ፋይናንሳውን ካልእ ሓገዛትን ክትኩነን እያ።ብዘይካዚ እታ ሃገር ናይ ኣጽዋር ንግዲ እገዳ ኽግበረላዉዩ። ዝተፈላለያ ኩባንያታትን ምስ ኤርትራ ብንግዲ ዝራኸባ ሃገራትን ድማ ዓቢ ኽስረት ኺጋጥመንዉዩ። ብዘይካዉዚ ዓለማዊ ናይ ገንዘብ ትካል ኣይ ኤም ኤፍ ን ዓለማዊ ባንክ ወርልድ ባንክ ንኤርትራ ዝኾነ ይኹን ናይ ገንዘብ ሓገዝ ኺይገብራ ካብ ምምሕዳር ዋሺንግተን ጸቕጢ ኽህልወንዉዩ ይብሉ ሰበ-ስልጣን ምምሕዳር ዋሽንግተን።

ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ኽምዝብልዎ እዚ ውሳኔ ነታ ሃገር ናብ ዝኸፍኣ ዓዘቕቲ ድኽነት ክሕምሳ እዩ ።

ትማሊ ምሸት ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኢሰያስ ኣፈወርቂምስ ምስ መንግስታዊ ማዕከን ዜና ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት ነቲ ብምምሕዳር ዋሺንግተን ዝወጸ መግለጺ፡ “እዚ ተርእዮ እዚ እቲ ልሙድ መርገጺ ዓብላልነት ኣሜሪካ ኣብ ዓለምና እዩ።” ብምባል መሊስሉዉሎ ኽብል ሻባይት ዝተባህለ ናይ መንግስቲ ኤርትራ መርበብ ሓበሬታ ይገልጽ።

ንሱ ብተወሳኺ ምኽንያት ናይዚ ኣሜሪካ ክትወስዶ ትሸባሸብ ዘላ እገዳ እቲ ኣብ ሶማልያ ዘጋጥማ ዘሎ ተቓውሞታት ምኻኑ ብምሕባር፡እዚ ዘሎ ዘይምርድዳእ ክፍታሕ እንተኾይኑ ምምሕዳር ዋሺንግተን ነቲ ናይ ጣልቃ ምእታውን ዝተፈላለየ ሽርሕታቱን ደው ከብሎ ኣለዎ ኣለዎ ኽብል ገሊጹ።